## ንፖሊስ ስልኪ እንተደዊለ፣ እንታይ ይግበር?

ከም ግቡኡ ፖሊሳት ክልተ ኮይኖም እዮም ናብ ኣቲ ቦታ ዝመጹ። እቶም ዝተሳተፉ ውልቀሰባት ተፈላልዮም ብዛዕባ እቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ይሕተቱ። ከም ግቡኡ እቲ ንፖሊስ ስልኪ ዝደወለ ውልቀሰብ ኣይሕተትን እዩ። እቶም ፖሊሳት ድሕሪኡ፣ ኣየናይ ቀጻሊ ስጉምቲ ነቲ ናይ ጎነጽ ግዳይ ውሕስነት ኣድላዪ ከም ዝኾነ፣ ይምርምሩ። እዚ ዝስዕብ ኣማራጺታት ይህልዎ[1]:

- መጉዳእቲ ምስ ዝህሉ ሕክምናዊ ሓገዝ የዳልዉ።

- ምስጓግ ከምኡ ድማ ከም ዝርሕቕ ምግባር፡ ፖሊሳት ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ውልቀሰብ ናብቲ ሓባራዊ መንበሪ ገዛ ንኸይምለስ ክኽልክሉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ምስጓግ እንተበዝሐ ን 20 መዓልታት እዩ ዘገልግል።

  እቶም ፖሊሳት ነቲ ገበን ፈጻሚ ውልቀሰብ ኣብ ጥቓ እቲ መንበሪ ቦታ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ከባቢ ወይ ድማ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ናይ እቲ ግዳይ ጎነጽ (ግዳይ፣ ቆልዑ) ንኸይቀርብ ከምኡ እውን ምስኣቶም ንኸይራኸብ ክኽልክልዎ ይኽእሉ ኣዮም።
  እቲ ጎነጽ ዝፍጽም ውልቀሰብ ነቲ እገዳታት እንተ ዘይኣኽቢሩ፣ ብገበን ተሓታቲ ይኸውን እዩ።

  እቲ ብጎነጽ ግዳይ ዝኾነ ውልቀሰብ ብቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ውሕስነት ስጉምታት ንኽናዋሕ ክሓትት ይኽእል ኣዩ። ንግዳያት ጎነጽ ኣማኸርቲ ቤት ጽሕፈት (Opferhilfe-Beratungsstelle) ብዛዕባ ኣገባብ ሓበሬታ ይህብ እዩ።

- ቀይዲ: ፖሊሳት ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ውልቀሰብ ክሳብ 24 ሰዓታት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእትዉዎ ይኽእሉ እዮም። ንምሳለ፣ እሱ ነቲ ካብ ገዛ ምስጓግ እንተተቓወመ። ወይ ድማ እሱ ንሓደ ካልእ ውልቀሰብ ኣመና ሓደጋ ምስ ዝኸውን።

- መዕቆቢ: እቶም ፖሊሳት ነቲ ብጎነጽ ግዳይ ንዝኾነ ውልቀሰብ ምስ ቆልዑ ወይ ድማ ብዘይ ቆልዑ ኣብ ሓደ መዕቆቢ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

## ኣብ ኣማኸርቲ ቤት ጽሕፈት ስልኪ እንተደዊለ፣ እንታይ ይግበር?

- እቲ ንዓኹም ዘሻቕለኩም ወይ ድማ ወይ ድማ ዝተዓዘብኩሞ ጉዳይ፣ እንተደሊኹም ሽምኩም ከይተነገረ ክትገልጹ ትኽእሉ።
- እቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ዘለዉ ኣማኸርቲ ምስጢር ናይ ምሕላው ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት፣ ማንም ሰብ ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ሓበሬታ ክረክብ ኣይክእልን እዩ።
- ድሕሪ እቲ ናይ ተሌፎን ዝርርብ፣ ዘየተደለየ እንተኾይኑ፣ ምንም ካልእ ስጉምቲ ኣይውሰድን ኣዩ።
- እተን ቤት ጽሕፈታት ኣማኸርቲ፣ ኣገዳሲ ምስ ዝኸውን፣ ንዓኹም ናብ ካልኦት ቤት ጽሕፈት ኣማኻርቲ ክሰዱኹም ይኽእሉ እዮም።

[1] «Informationen über Häusliche Gewalt, Unterstützung und Massnahmen» (ሓበሬታ ብዛዕባ ዘቤታዊ ጎነጽ፣ ደገፍን ስጉምታትን) BIG, 2021